# ቆልዑትን ስነስርዓትን፡ ንወለዲ መምርሒ

ሕጻናት ስነስርዓት እንታይ ከምዝኾነ ተማሂሮም ኣይኮኑን ዝወለዱ ነገር ግን ካብ ወለዶምን ካብ ንታቤተሰብ ዝግደሱ መምርሒን ሓገዝን ይመሀሩ ኩሎም ወለዲ እውን ብወገኖም ኩሉ ግዜ እዚ ቀሊል ስራሕ ከምዘይኮነ ይፈልጡ እዮም።

## ኣየናይ ባህርይ ነየናይ ዕድመ ምፍላጥን ምልላይን

ቆልዓ ክልተ ዓመት ኣቕሒት ክሽነ ከገለባብጥን ክብትንን ከሎ ዘይእዙዝ ማለት ኣይኮነን ግና ኣብ ከባቢኡ ኣንታይ ከም ዘሎ ክፈልጥ ስለዝደሊ እዩ። ከማኡ ድማ ወዲ ኣርባዕተ ዓመት ምስ ምንእሱ ኣሕዋቱን ኣሓቱን ኪቃለስን ኪባእስን ከሎ ልሙድ ዝጽበ ኩነታት እዩ። ምስ ካልኦት ወለዲ ብዛዕባ ከምዚኣቶም ዝኣምስሉ ኣየናይ ባህርይ ነየናይ ዕድመ ምፍላጥን ምልላይን እውን ሐደ መንገዲ እትፈልጠሉ። ብዙሓት ወለዲ ደቆም ከም ካልኦት ቆልዑት ባህርይ ከም ዘርእዩ ምስ ፈለጡ ብጣዕሚ ካብ ጸገም ዝተናገፉ ይስምዮም።

## ብኣብነት ነስተምህሮም

ብዙሕ ግዜ ቆልዑት ዝመሃሩ ካብ ካልኦት ሰባት ብምርኣይን ብምምልካትን እዩ። ስለዝኾነ እዩ ኸኣ ወለዲ ጠባዮም ብኣብነት ዝተሰርዓ ኪኾኑ ዝግብኦም። ከም ወለዲ መጠን ንደቅና ክብረት ክነርኢ ይግባእ ንምንታይ ክብረት ዝረኣዩ ቆልዑት ንሳቶም ድማ ብግዲኦም ክብረት ንኻልኦት የርእዩ። ምንም እኳ ቆልዑት ፍልይ ዝበሉ ውልቀሰባት ምዃኖም ክፈልጡ እንተኣለዎም ናይ ሓደ ጉጅለ ኣባላት ምዃኖም ክፈልጡ እውን ኣለዋም። ስለዝኾነ ክኣ ኢና ተራኻ ምሕላውን, ካልኦት ዝብልዎ ምስማዕን ከምኡ ምክፋልን ክነምህሮም ዘሎና።

## እንታይን ከመይ ኢልካን ክምእትብል ክልተግዜ ምሕሳብ

ካልኦት ሰባት ብህድኣትን ብስነስርዓትን ክዛረቡኻ ከም እትፈቱ ንሸኻ እውን ምስ ቆልዑትካ ትሕት ብዝበለ ልዙብ ድምጺ ክትቀም ይግባእ። ብዛዕባ ቆልዑትን ምስ ቆልዑትን ብኽብሪ ተመያየጥ እምበር ከምዚ ዝኽተል ኣይትበል፣ ሃና ኩሉ ግዜ ምእዝዝቲ ኣይኮነትን ወይ እውን ዮሴፍ ኩሉ ግዜ ህኩይ እዩ። ብርግጽ ብጣዕሚ ፈታኒ ኩነታት እዩ ሕማቅ ነገር ክገብሩ እንከለዉ ምስ ዝሕብሮም ካብ ጌጋኦም ክእርነቡ እዮም ካብ ዝብል ተስፋ እዩ። እንተ ኾነ ግን ብእንጻሩ እቶም ቆልዑት ገጽ ከም ዘርኣኻዮም ይፈልጡ እሞ ዝገደደ እቲ ወላዲ ዘይፈትዎ ይገብሩ መታን ገጽ ከምእተርእዮም ስለዝፈልጡ።

እቲ ዝበለጸ ኣደብን ጠባይን ዘበራትዕ ግን ምንኣድን ምምስጋንን ምምጓስን እዩ እሞ እኳ ድኣ ብዝተኻእለ መጠን ኣብዚሕካ እንተ ነኣድካዮም ዝበለጸ እዩ። ዋላ ንናእሽቱ ነገራት ከምዚ ዝኽተል፣ ኣን (Ann) ሎሚ ማዓልቲ ሓገዛ ወሰን ዘይብሉ ኔሩ መጸወቲኣ በብቦትኡ ኣቀሚጣቶ፥ እዚ ማለት ግን እንክግብድሉ ኣይትገስጾም ማለት ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ነቲ በደሎን ነቲ ጠባዩን ድኣ ተቃወም እምበር ነቲ ውላድካን ነት ከም ወዲሰብ መጠን ኣይትቃወም። ንምሳሌ ኣብክንዲ ንሸኻ ዘይምእዙዝ ኢኻ ምባል እትገብሮ ዘሎኻ ኣይፎቱን እየ ከምዚ ዝኣምስለ ባህርይ ቦታ የብሉን ኣብዙይ በል።

## ዶብ ውይ ወሰን ምቅማጥ

እቶም ቆልዑት ኣየናይ ባህርይ ተቀባልነት ከምዘለዎን ኣየናይ ተቀባልነት ከምዘይብሉን ይፍለጡ። ንቆልዑት ዘየደናግር ንጹር ወሰን ምሃብ። ምስ እንታይ እዩ ቅቡል እንታይ እዩ ዘይቅቡል ብጽንዓት ቅውም ሓሳብ ሓዝ።

## ሓደ ሓደ ግዜ ኣይፋለይ ንዝብል ናይ ቆልዓ መሰል ሓሉ።

ብፍላይ ንቆልዑት ዝምልከት ከም ክዳን እንታይ ክኸደን ከምዝደሊ ወይ ከምትደሊ ኣይፋለይ ነዚ ሕራይ ነቲ ክብሉ ፍቃድ ሃብ። ቆልዑት ኣይፋለይ ምባል ክማሃሩ እውን ኣለዎም ሓደ ሓደ ግዜ እውን ጠቃሚ እዩ ንምሳሌ ኣይፋለይ ምባል ንዘይፈልጥዎ ንድሕነቶም ክኾን እዩ።

## ቆልዑት እንክትሓባበሩ ንኣዶምን ሕቆፎምን

ንቆልዑት እንክትሓባበሩ ንኣዶምን ሕቆፎምን ምኽንያቱ እዚ ህድእ ክብሉ የተባብዮም ስለዝኾነ።

## ካብ ዝኽእልዋ ንላዕሊ ካብ ቆልዑት ኣይትጸበ

ምንም እኳ ወዲ ሓሙሽተ ዓመት ኣብ እንዳ ዶክቶሩ ብዘይ ምንም ሽግር ኮፍ ዝብል እንተኾነ ካብ ወዲ ክልተ ዓምት ቆልዓ ግን ከምቲ ወዲ ሓሙሽተ ዓመት ክትጽበ ኣይግባእን። ወለዲ ዓቅሊ ግበሩ ሻላ ማለት ልመዱ ናይቲ ቆልዓ ዕድመ ኣብ ጸብጻብ ኣእትዉ።

## ንቆልዓ ካብ ምህራም ርሓቁ

ንቆልዓ ካብ ምህራም ርሓቁ ምኽንያቱ ምህራም እቲ ዝበለጸ መንገዲ ንኽቆጻጸሩ ከባቢኦም ጥራይ እዩ ዘምህሮም ንቆልዑት ንኽሃርሙ ድማ የተባብዮም።

The material in this brochure has been adapted from documented by NSW Multicultural Health Communication Service.
This brochure can be reproduced as required.

Canadian Mental Health Association – Edmonton Region Phone: (780) 414.6300 www.cmha-edmonton.ab.ca
Edmonton Mennonite Centre for Newcomers Phone: (780) 424.7709 www.emcn.ab.ca
Multicultural Health Brokers Co-op Phone: (780) 423.1973